Washington State Health Care Authority

# ብሕታዊነት ዳታ Apple Health
# ብዓሚል ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**Apple Health (Medicaid) ዓማዊል፦** ብዛዕባ ብሕትውናኹምን ሓበሬታኹም ብኸመይ ከም ዝካፈልን ዝያዳ ንምፍላጥ ነዞም frequently asked questions (ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት፣ FAQ) ተጠቐሙ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ነቲ ምልክታ ኣንብቡ ወይ ድማ ነቲ ናይ መሻርኽትን ማሕበረሰብን FAQ ርኣዩ።

## እንታይ ተፈጢሩ?

Health Care Authority (በዓል መዚ ክንክን ጥዕና፣ HCA) ከም ስምኩም፣ ኣድራሻኹም፣ ቁጽሪ ስልኩምን እትረኽብዎ ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕናን ዝኣመሰሉ ውልቃዊ ሓበሬታታት ናብ Centers for Medicare and Medicaid Services (ማእከላት ኣገልግሎት Medicare እና Medicaidን፣ CMS) ልኢኹ። CMS እቲ ንMedicaid ዘካይድ ፌደራላዊ ትካል እዩ።

HCA እዚ ሓበሬታ ምስ Department of Homeland Security (ክፍሊ ሃገራዊ ድሕነት፣ DHS) ከምዝተኻፈለ ይኣምን ግን ከረጋግጽ ኣይክእልን እዩ። HCA ብዛዕባ እዚ ኣብ ጁን 13፣ 2025 ካብ ዝተሓትመ ዜና ፈሊጡ።

## ስለምንታይ እዩ እዚ ተፈጢሩ?

እቲ ዜና ከም ዝብሎ፣ CMS ነዚ ሓበሬታ ንDHS ክህቦ ኣብ U.S. Department of Health and Human Services (ብመራሕቲ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎትን፣ HHS) ከም ዝተነግሮ ይሕብር። HHS ኣብ መላእ ሃገር ንዝርከቡ ብዙሓት መደባት ክንክን ጥዕና ይከታተል፣ CMS ድማ ኣካል HHS እዩ።

## ናይ መን ውልቃዊ ሓበሬታ እዩ ተኻፊሉ?

HCA ኣብ ናይ ፌደራል ምወላ ዝረኸቡ Apple Health ዝተመዝገቡ ሰባት ሓበሬታ ናብ CMS ይልእኽ። እዚ ድማ Apple Health ምስፍሕፋሕ የጠቓልል።

ኣብዚ እዋን እዚ CMS ምስ DHS እንታይ ከም ዘካፈልዎ ብልክዕ ኣይንፈልጥን ኢና። DHS ብዛዕባ መብዛሕትኦም Apple Health (Medicaid) ዝጥቀሙ ሰባት ውልቃዊ ሓበሬታ ክህልዎ ይኽእል እዩ ዝብል ስግኣት ኣለና።

## Apple Health ብምስርዝ ሓበሬታይ ክሕሉ ይኽእል ድዩ?

ኣይፋልን፣ ሕጂ ናይ Apple Health ሽፋንኩም ምስራዝ፣ ነቲ ድሮ ምስ CMS ዝተኻፈለ ሓበሬታ ኣይመልሶን እዩ።

ኩለን ግዝኣታት ነዚ ሓበሬታ እዚ ንብዙሕ ዓመታት ምስ ፈደራላዊ መንግስቲ ከካፍሉ ተሓቲቶም።

## ስለምንታይ እዩ HCA ሓበሬታይ ምስ CMS ዘካፍል?

መንግስቲ ፌደራል ንApple Health (Medicaid) ንምኽፋል ንምሕጋዝ ንግዝኣት ገንዘብ ይህብ። ነዚ ገንዘብ ንምርካብ፣ HCA ምስ CMS ሓበሬታ ከካፍል ብሕጊ ይግደድ።

## ናይ Apple Health ምስፍሕፋሕ ሽፋን ኣለኒ። ሓበሬታይ ተኻፊሉ ድዩ?

እወ። ኣብ Apple Health ምስፍሕፋሕ ተመዝጊብኩም እንተኾይንኩም፣ ሓበሬታኹም ምስ CMS ተኻፊሉ እዩ። መብዛሕትኦም ኣገልግሎታት Apple Health ምስፍሕፋሕ ብግዝኣት ዝኽፈሉ እኳ እንተኾኑ፣ ናይ ፌደራል ዶላር ንህጹጽ ምብጻሕ ክንክን ጥዕና ይውዕል እዩ።

ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታተይ ምስ CMS ተኻፊሉ ድዩ?

HCA ን CMS ዘለዎም ውልቀሰባት ዝምልከት ዝርዝር ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታት ሓበሬታ ኣይህብን እዩ። ኣብ Apple Health Expansion ዝተመዝገቡ ሰባት፣ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታት ናይ ዳርጋ ኩሉ ሰብ ከም'ዚ ዝስዕብ እዩ ተገሊጹ፦

- 'ብቑዕ ዘይዜጋ፣' እዚ ማለት ሓደ ዘይዜጋ ዝኾነ ውልቀሰብ፣ ፍሉይ ናይ ስደተኛ መንነት ዝተዋህቦ፣ ወይ
- ናይ ህጹጽ ኣገልግሎት ተቐባሊ ማለት ኣብ ትሕቲ ናይ ወጻእተኛ ናይ ህጹጽ ሕክምና መደብ ናይ ህጹጽ ኣገልግሎት ተቐባልነት ኣለኩም ማለት እዩ፣ ወይ
- ከም "ካልእ" ተዘርዚሩ ኣሎ፣ እዚ ማለት ካልእ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትኩም ዝገልጽ ካልእ ምድብ የለን።

DHS ነዚ ሓበሬታ ብኸመይ ይጥቀመሉ?

ናይ ኢሚግረሽን ሓበሬታ ብኸመይ ከም ዝጥቀም ኣይንፈልጥን ኢና። ንሕጊ ምኽባር ኢሚግሬሽን ክውዕል ይኽእል እዩ ዝብል ስግኣት ኣለና።

## DHS ሓበሬታይ ንናይ ኢሚግረሽን ሕጊ ምኽባር እንተተጠቐሙ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ብዛዕባ ሕጊ ምኽባር ኢሚግሬሽን ትጭነቑ እንተኾይንኩም፣ ብዛዕባ መሰላትኩም ንምፍላጥ ናብ ቤት ጽሕፈት ዋና ዓቃቢ ሕጊ ግዝኣት Washington መሰላትኩም ፍለጡ፦ ሲቪል ኢሚግሬሽን ሕጊ ምኽባር ኣብ Washington መርበብ ሓበሬታ ብጽሑ።

እዚ መርበብ ሓበሬታ ብሕጊ ምኽባር ኢሚግሬሽን እንተተራኺብኩም ድሉዋት ክትኮኑ ክሕግዘኩም ዝኽእል ሓበሬታ ኣለዎ። ነቲ ኣብ ጸጋማይ ሸነኽ ናይቲ ስክሪን ዘሎ መሳርሒ ተጠቒምኩም ነቲ መርበብ ሓበሬታ ናብ ብዙሕ ቋንቋታት ክትትርጉምዎ ትኽእሉ ወይ ድማ ኣብ ገጽ 3 ንዝተተርጎሙ መሳርሒታት መሰላትኩም ፍለጡ ክትረኡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ሓበሬታይ ንፌደራል መንግስቲ ከየካፍል ክመርጽ እኽእል እየ?

ኣይፋልን። ሽፋን Apple Health እንተሃልዩኩም፣ HCA ሓበሬታኹም ምስ መንግስቲ ፌደራል ከካፍል ይግደድ። እዚ ብሕጊ ዝድለ እዩ። ከይትመርጹ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ኣብ ዝኾነ እዋን ናይ Apple Health ሽፋንኩም ክትስርዙ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ሽፋንኩም ብኸመይ ብኢንተርነት ከም እትስርዙ ፍለጡ። ሕጂ ናይ Apple Health ሽፋንኩም ምስራዝ፣ ነቲ ድሮ ምስ CMS ዝተኻፈለ ሓበሬታ ኣይመልሰን እዩ።

## ሓበሬታይ ዝተዋህበ እንተኾይኑ ከመይ ገይረ ክፈልጥ እኽእል?

ኣብ Apple Health ተመዝጊብኩም እንተኾይንኩም፣ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ተመዝጊብኩም እንተኾይንኩም፣ ሓበሬታኹም ምስ CMS ከም ኣድላይነቱ ተኻፊሉ እዩ።

እዚ ኣብ Apple Health ምስፍሕፋሕ ዝተመዝገቡ ወይ ብ ናይ ምጽባይ ዝርዝር ዝርከቡ ሰባት ዘጠቓልል ኮይኑ፣ ብኻልእ ፕሮግራም Apple Health ኣቢሎም ክንክን ዝረኸቡ ሰባት የጠቓልል።

ንApple Health እንተ ኣመልኪትኩም ግን እንተተኸልኪልኩምን ፈጺምኩም እንተዘይተመዝጊብኩምን ሓበሬታኹም ኣይተኻፈለን ማለት እዩ።

## Apple Health እንተሰሪዘዮ ንሽፋን ክንክን ጥዕና ዘለኒ ኣማራጺታት እንታይ እዮም?

ናብ ሆስፒታል እንተኸይድኩም፣ ብመንገዲ ሕጊ ክንክን ግብረ ሰናይ Washington ናይ ክንክን ክፍሊት ሓገዝ ክትረኽቡ ብቑዓት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ነጻ ክሊኒክ ወይ ኣብ ማእከል ጥዕና ማህበረሰብ ብናጻ ወይ ብውሑድ ክፍሊት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣድራሻይ ወይ ቁጽሪ ስልከይ ብኸመይ ክቅይሮ ይኽእል?

ርክብ ሓበሬታኹም ከመይ ጌርኩም ከም ትሕድሱ ንምፍላጥ ናብ hca.wa.gov/report-a-change ኪዱ። መምርሒታት ብብዙሕ ቋንቋታት ይርከቡ።

HCA ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ለውጢ ኣድራሻታት የዘምን። ወርሓዊ ፋይላት ናብ CMS ከነቕርብ ስለ ዝግደድ፣ ዝተመሓየሸ ናይ ኣድራሻ ሓበሬታ ምስተመሓየሸ ናብ CMS ክለኣኽ እዩ። CMS ኩሉ ዝሓለፈ ሓበሬታ ይሕዝ። እዚ ማለት ድማ ናይ ቀደም ኮነ ሓድሽ ናይ ርክብ ዝርዝራትኩም ብቐጻሊ ምርክኻቦም ክቕጽሉ እዮም።

## እቲ ግዝኣት ንሓበሬታይ ብኸመይ ይሕሉ?

HCA ብሕግታት ግዝኣትን ፌደራልን ሓበሬታ ጥዕናኹም ኣብ ዝተወሰኑ ምኽንያታት ጥራይ ክጥቀመሉ ወይ ክካፈል ይግደድ።

HCA ክንደይ ዝኣክል ሓበሬታ ከም ዝካፈል ንምግዳብ ስጉምትታት ይወስድ ኣሎ። ንኣብነት፣ ድሕሪ ሕጂ መብዛሕትኡ ናይ ሕክምና ኣገልግሎታት (ጠለባት እውን ይበሃሉ) ሓበሬታ ኣብ Apple Health ምስፍሕፋሕ ንዝተመዝገቡ ሰባት ኣይንካፈልን ኢና። ሕጂ እውን ናይ Apple Health ምስፍሕፋሕ ምዝገባ ሓበሬታ፣ ከምኡውን ንዝተቖበለ ህጹጽ ኣገልግሎታት፣ ሕክምና መንሽሮ ወይ ዳያሊሲስ፣ ወይ ድሕሪ ምትካል ዝግበር ክንክን ዝምልከት ጠለባት ዝምልከት ዳታ ከነካፍል ይድለ እዩ። እዞም ኣገልግሎታት ብፌደራል ገንዘብ ይድገፉ እዮም፣ ስለዚ HCA ገና ክሕብርዎም ኣለዎ።

HCA ንሰባት ዘድልዮም ክንክን ንምሃብ ውሑድ ዳታ እናካፈሉ ዝሓሸ መገድታት ይደሊ ኣሎ። ብዝተኻእለ መጠን ቅልጡፍ ለውጢ ንምግባር ምስ ቤት ጽሕፈት ኣመሓዳሪን ካልኦት መሻርኽትን ንሰርሕ ኣለና።

## ሕጂ እውን ናብ ሕክምናዊ ቆጸራታተይ ክኸይድ ድየ ወይስ ዝተኣዘዘኒ መድሃኒት ክወስድ?

እወ። ዘድልየኩም ክንክን ክትረኽቡ ምቕጻል ኣገዳሲ እዩ። ዘድልየኩም ክንክንብምርካብ ውሕስነት ክስምዓኩም ንደሊ ኢና። ምስ ማሕበረሰባት ወሃብቲ ኣገልግሎት መሰላትኩም ንኽርድኡ ከምኡውን ንኹሉ ኣብ Washington ዘሎ ሰብ ውሑስን ተበጻሒን ክንክን ጥዕና ምሃብ ንኽቕጽሉ ንሰርሕ ኣለና።

## ብዛዕባ ብሕታዊነተይ ሕቶታትን ሻቕሎትን ምስ ዝህልወኒ ንመን ክራኸብ ይኽእል?

### ህዝባዊ ጥቕምታትን ኢሚግሬሽንን

**ህዝባዊ ጥቕምታት ምጥቃም ብኸመይ ክጸልወኩም ከም ዝኽእል እንተተጨነቕኩም**፣ ምስ ጠበቓ ኢሚግሬሽን ተዘራረቡ። ኣብ Washington ኣብ immigrationlawhelp.org ብናጻ ወይ ብውሑድ ዋጋ ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ጣብያ እዚ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ስደተኛታት እሙን ሕጋዊ ደገፍ ንኽረኽቡ ይሕግዞም።

ብዛዕባ ህዝባዊ ጥቕምታት ንናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትኩም ብኸመይ ክጸልዎ ከም ዝኽእል ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ ናይ USCIS ህዝባዊ ክፍሊት መስርሕን ኣገባባትን ተወከሱ።

### መሰልኩም ፍለጡ

DHS ሓበሬታኹም ከይህልወኩም ትጭነቑ እንተኾይንኩም፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ዋና ዓቃቢ ሕጊ ግዝኣት Washington መሰላትኩም ፍለጡ፦ ሲቪል ኢሚግሬሽን ሕጊ ምኽባር ኣብ Washington ናይ መርበብ ሓበሬታ ገጽ ብጽሑ። ንዝተተርጎሙ መሳርሒታት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቋንቋታት ጠውቑ።

Amharic | Arabic | Chinese (Simplified) | Chinese (traditional) | German | Hindi | Japanese | Khmer | Korean | Marshallese | Punjabi | Russian | Samoan | Somali | Spanish | Tagalog | Ukrainian | Vietnamese

## ተወሳኺ ሓበሬታ ካበይ ክረክብ ይኽእል?

ብዛዕባ HCA ንሓበሬታኹም ብኸመይ ከም ዝሕልዎ ዝያዳ ንምንባብ፣ ኣብ hca.wa.gov/apple-health-privacy ተወከሱ።